ዝጠራጥር, ሕቶ ፧ ክላ CLAT*
ክምልስልኩም እዩ

# *ማእከል ቃልሲ

# ጸረ ዓባይ ሰዓል

## ሕማም ዓባይ ሰዓል

## ሓበሬታ ን ሕሙማት ሰባት



ars Agence Régionale de Santé Languedoc-Roussillon

MONTPELLIER CHU CENTRE HOSPITALIER UNIVERSITAIRE

# ሕማም ዓባይ ስዓል

ብደቂቕ ህዋስ(microbe) ዝመሓላለፍ ተላባዒ ሕማም እዩ:
ባሲል ናይ ኮክ(bacille de Koch) ወይ BK።
ልዕሊ ኩሉ ሳንቡእ ይትንክፍ ከምኡውን ሓደ ሓደ ግዜ ካልኦት ኣካላት።እዚ ሕማም እዚ ብጽረነፍሳት (antibiotiques) ይፍወስ እዩ።



## ምልክታት



ሰዓል



ደም ዘለዎ ዓኽታ/ደም ምስዓል



ለይታዊ ረሃጽ




ሙጉዳል ሚዛን



ድኻም



ረስኒ

መተሓሳሰቢ ፡ ዓባይ ሰዓል ክህልወኩም ይኽእል እዩ ከምኡውን ምስዚ ሕማም ዝተሓሓዙ ካሎኦት ምልክታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

ባሲል ናይ ኮክ (bacille de koch (BK)) , ብጽረነፍሳት ንቃለሶ ባክተራ እዩ። እቲ ክንክን ናይ ሕክምና ንዊሕ ዝበለ እዩ፡እንተወሓደ 6 ኣዋርሕ ይወስድ። ኣብ መጀመርታ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ መድሃኒት ትወስዱ, ድሕሪኡ ኣብ መወዳእታ ናይተን ኣዋርሕ ፍኹስ ዝበለ የኸውን።

<u>ክንክን ምግባር/ መድሃኒት ምውሳድ :</u>

እቲ ሕክምና/ክንክን ብኣገባብ እንተ ተወስዱ ውጺኢታዊ እዩ :

- መዓልታዊ, **ብዘይ ምቁራጽ** ;
- ኣብ ጾም/ከበላዕካ ;

ወላ ደኣ ካልእ ሳዕቤን ይርአ እምበር ብዘይ ናይ ሓካም ርእይቶ ነቲ መድሃኒት ዘይምቁራጽን ምጉዳልን።ምናልባት ምቁራጽ ናይ ሕክምና/ክንክን ወይ ብጌጋ ምውሳድ እንተሎ እቲ ሕማም **ክሓዊ ኣይክእልን እዩ** ብቐንዱ እቲ ባሲል ነቲ መድሃኒት እንዳ ተጻወሮ ይመጽእ ውጺኢቱ ከኣ ይጎድል።ስለዚ ካልእ ንውሕ ዝበለ ክንክን የድሊ ከምኡዉን ዝኸበደ ይኸውን።




1. ኣብ ጾም/ከይበላዕካ, ኣብ ግዜ ምብርባር መድሃኒት ምውሰድ
2. ቅድሚ ምብላዕ 30 ደቓይቕ ምጽባይ





3. ንቡር/ኖርማል ምሳሕ 4. ኣልኮል ምስታይ ሓደገኛ እዩ 5.ኣብ ግዜ ለይቲ ወላሓንቲ ዘይብላዕ

<u>ቀንዲ ካልኣውያን ሳዕቤናት ናይቲ ክንክን ፡</u>

- ኣራንሻዊ ሕብሪ ናይ ሽንትን ንብዓትን ;
- ምድምሳስ ውጽኢታውነት ናይ ከኒና መከላኸሊ ጥንሲ;
- ንጸላም ከብዲ ናይ ምብልሻው ሓደጋ ;
- ናይ ምርኣይ ሓደጋ ;
- ኣብቲ መጀመርታ ናይቲ ክንክን/ሕክምና ናይ ምሕቃቕ መግቢ ጸገማት ;
- ሳሕቲ ናይ ቆርበት ረስኒ.

ምናልባት እዚ ሳዕቤን እናገደደ እንተመጺኡ ንክላ (CLAT) ርኸብዎም/ኮንታክት ግበርዎም።



ኣራንሻዊ ሽንቲ



ኣራንሻዊ ንብዓት



እቲ ከኒና ኣይከላኸልን እዩ

ሕክምናዊ ምክትታል :

- ወርሓዊ ሕክምናዊ ምኽሪ ;
- ናይ ደም መርመራ ;
- ናይ ዓይኒ ምኽሪ.

ምክትታል ናይ ራጂ ንውጽኢት ናይቲ ክንክን ንኽንቆጻጸሮ ይኽእለና።




ንምኽሪ ምምጻእ




ጾላም ከብዲ ንምክትታል ኣብ ላቦራቶሪ ናይ ደም መርመራ ምግባር

ማሕበራዊ ምክትታል :

ሕማም ዓባይ ሰዓል ንነውሕ ዝጸንሕ ሕማም እዩ(ALD)።
እቲ ሓኪም ነቲ ምስቲ ሕማም ዝተኣሳሰር ክንክን, መርመራታትን ሕክምናን ብናጻ ንምርካብ ንዝቐርብ ሕቶ ናይ ደገፍ 100% ዝሸፈን ባዕሉ ይመልኦ።

ናይ ጥዕና ኡንሹራንስ/መድሕን እንተዘይብልኩም,መታን ኩነታትኩም ኽክስተኻኸል ንክትሕገዙ ነቲ/ታ ማሕበራዊ/ዊት ተሓጋጋዚ/ት ክትረኽቡም ትኽእሉ ኢኹም።

**ማእከል ቃልሲ ጸረ ሕማም ዓባይ ሰዓል**(CLAT) ነቲ ሕክምናዊ ምክትታል ናይ ሕማም ዓባይ ሰዓል የውሕስ ነቶም ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ዘይብሎም ሰባት ድማ መድሃኒታት ናይ ጽረ ዓባይ ሰዓል ብናጻ ይዕድል።

## ምትሕልላፍ ናይቲ ሕማም

ሕማም ዓባይ ሰዓል ጠቐላላ ብኣየራዊ መንገዲ ዝመሓላለፍ ሕማም እዩ ፣ ኣካላዊ ምትንኻፍን ዝተፈላለዩ ነገራት ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ምክፋልን ሓደጋ የብሎምን።

ከምኡውን, መብዛሕቶም እቶም ሕሙማት ክሳብ እቲ ናይ መወዳእታ ሕማሞም መልከፍቲ ኣብ ሕክምና ይኣትዉ,፣ እቶም ዘይኮኑ ድማ ነቶም መቐርቦም ንምክልኻል **ማስኪ** ይገብሩ (ካብቲ መጀመርታ ናይቲ ክንክን, ካብ ሰለስተ ሶሙናት ክሳብ ሓደ ወርሒ) ከምኡውን ብተኸታታሊ ነቶም ክፍልታት ኣየር ምእታው **ምናልባት ግን ኣዝዩ ከቢድ ናይ ሳንቡእ ሕማም እንተዘይብሎዩ** «ዘይላባዕ»።

ቅድሚ ምሕካም, እቲ **ለበዳ/ሕማም** ማእከላይ ገምጋም ቅድሚ መርመራ ኣብ ዝነበራ ሰለስተ ኣዋራሕ ከምዝዝርጋሕ ግምት ይግበረሉ።
በዚ ምኽንያት እዩ ብናትኩም ስምምዕን ሓገዝን ብ **CLAT መጽናዕቲ** ዝካየድ።
እዚ ድማ ነቶም ምሳኹም ዝተተናኸፉ ነኽጻረዩ ከምኡውን መስርሕ ናይ መርመራ ንኽገብሩ የኽእል። ኣብቲ መስርሕ ነርስ/ኣላይት ሕሙማት ናይ **CLAT ክተሰንየኩም እያ።**

እቶም መርመራ ዝገብሩ ሰባት ብመሰረት መምዘኒታት ተመርኩሶም እዮም ዝሕረዩ :

- ምስቲ ሕሙም ሰብ ዘሎ ናይ **ምቅርራብን ምትንኻፍን ንውሓት ግዜን,**
- **ምውሻብ** ኣብቲ ምትንኻፍ ዝተኻየደሉ ክፍሊ.

**እቶም ዝተረኽቡ ሓብሬታታት ብሞያዊ ምስጢር ይዕቀቡ።**

ቃልሲ ኣንጻር ሕማም ዓባይ ሰዓል ናይ ህዝባዊ ጥዕና ስጉምቲ ክሳብ ዝኾነ, ኣብ **CLAT** እቲ መርመራ ነዓኹም ናጻ እዩ።



ምስዓልን ሕንጥሾ ምባልን



ምዝራብ



ነቶም ክፍልታት ንፋስ ምእታው



ማስክ ምግባር

## ዘጠራጥር, ሕቶ,

- ኣየናይ ሓኪም እዩ ክከታተለኒ ዝኽእል፧

- እቲ ሕክምናዊ ክንክን ክንደይ ግዜ እዩ ክወስድ ፧ ኣበየናይ እዋን እየ ክወስዶ ዘለኒ ፧

- ካልኣዊ ሳዕቤን እንተሎ እንታይ እየ ክገብር ዘለኒ ፧

- መድሃኒት ትበሃል የበለይን ቅድሚ ሓደ ሰሙን ሓኪመይ ኣይረኸብክዎን, እንታይ ክጉብር ኣለኒ፧

- ሓደ መዓልቲ መድሃኒተይ ከይወስድኩ ረሲዐዮ።

- ናይ መከታተሊ መርመራ ኣበይ እዩ ዝግበር (ራጂ, ምውሳድ ደም..)፧

- ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ የብለይን ፡ ናይ መርመራን መድሃኒትን ክኸፍል ኣለኒ ፧

- ሕሳብ(ዝኽፈል) ናይ ሆስፒታል እንተ ተቐቢለ እንታይ ክገብር ኣለኒ ፧

- ካብ ገዛይ ድሕሪ ክንደይ ግዜ ክወጽእ ይኽእል ፧

- ኩሉ ሰብ ዓባይ ሰዓል ከምዘለኒ ክፈልጥ ድዩ ፧

- መቕርበይ ፈሪሑ ፡ ክውሸብ ኣለኒ ፧

- መቕርበይ መን ክምርምሮ ይኽእል ፧

- እቲ መርመራ ናይ መቕርበይ ይኽፈሎ ድዩ ፧

- ንስርሐይ ከ ፧

ንኹሎም ነዞም ሕቶታትን ካልኦትን መልሲ ንምርካብ ን CLAT ርኸብዎም/ኮንታክት ግበርዎም

ማእከል ቃልሲ ጸረ ዓባይ ሰዓል ኣብቲ ሙሉእ መስርሕ ንዓኹም ንምስናይ ድሉው ኣሎ።

## ውልቃዊ መተሓሳሰቢ

# CLAT ብኸመይ ይረከብ ፧

ኣብ ሆስፒታል Arnaud de Villeneuve, ክፍሊ ናይ ሰነ ሳንቡእ።

MONTPELLIER CHU CENTRE HOSPITALIER UNIVERSITAIRE

ጉጅለ CLAT :

ዶክተር J. CHARRIOT, ኪኢላ ናይ ሳንቡእን ሓላፊ ናይቲ ትካልን

ዶክተር C. COVAS

ዶክተር S DUTRON

ጉጅለ ኣለይቲ ሕሙማት/ነርስ ; Elodie BOUSQUET, Hélène BRUGIERE et Stéphanie JUSTET

ተሓባባሪት: Adeline SAGNAT

ዋና ጸሓፊት: Sylviane BOULOUYS

ተሌፎን 04 67 33 60 84

ተሌኮፒ 04 67 33 22 75

ኢመይል clat@chu-montpellier.fr

ሕክምናዊ ምኽሪ ሶሉስን ሓሙስን ብቖጸራ




ነዚ ሰነድ ዝሰርሖዎ V. ANDRIEU, I. BARTHES et L. CAUMETTE (dessins de F. LAUTRAM) – እዋናዊ ዝኾነሉ: ጥሪ 2017.

ንድፊ : መራኸቢ ኣገልግሎት, CHU de Montpellier, (01/21), G. FAUGIER

ars Agence Régionale de Santé Languedoc-Roussillon